# ዓይንናን ሃምናን ኣብ ህዝብና ዘትኲረ ክኸውን ኣለዎ

## ሓባራዊ ክፍሊ ዜና
23.12.2009

ንጸጋታት ናይ ሓድነት ዝገልጹ ብዙሓት ናይ ኣበው ምስላታት ኣለዉና። ገለ ንምጥቃስ ዝኣክል፦

- ሓቢርካ ዝመኸርካዮ፡ ኣድቂቕካ ዝመተርካዮ፤ እቲ ነይሓምቕ፡ እቲ ነይሓንቕ፤
- ሓቢረን ዝወጠጣ ኣጻብዕ፡ ኣርቃይ የጸንብዓ፤
- መእሰሪ ዘይብሉ ማእዶ፡ ተዘርዚሩ ይስንዶ፤
- ምቅል ንሓንቲ መዓልቲ፡ ኣሰሓሓብ ንጥንቲ፤`
- ኣሕዋት ምስ ዝሰምሩ፡ ጸላኢ የባርሩ፤
- ኣሕዋት ምስ ዝሰምሩ፡ ከውሒ ይሰብሩ/ ....እንታይ ዘይገብሩ
- ኣፍትልቲ ምስ ዝሓብራ፡ ኣንበሳ የእስራ፤
- ዓዲ ምስ ሰመረ፡ ንህቢ ምስ ኣምዓረ፡ ይሃብካ እምበረ፤

እወ፡ ሓድነት፡ ሓይሊ'ዩ፤ ሓድነት፡ ፍቕሪ'ዩ፤ ሓድነት፡ ናብ ልምዓት ዘብጽሕ ጐደና ኢዩ። ንሕና፡ እዞም በበይንና ክንጓዓዝ ዝጸናሕና፡ "ንሕናን ንስኹምን" እናበልና ንጸዋዋዕን ብዓይኒ ውድድርን ምጥርጣርን ንጠማመትን ዝነበርና፡ ኣርባዕተ ውድባት፡ ካብ ሓድሽ ዓመት ኣትሒዝና፡ ኣብ ሓድሽን ዝሓሸን ሃለዋት ክንሰጋገር ኢና። ኣባላትናን ህዝብናን ከኣ፡ ብክብ ዝብለ ትኹረትን ተገዳስነት ክከታተልዎን ክጽበይዎን ከምዝጸንሑ ዝፍለጥ ኢዩ።

ራእይና፡ ክንዮ'ቲ ጀብሃ ሻዕብያ፡ ከበሳ መታሕት፡ እስላም ክርስትያን፡ ንሕናን ንስኹምን ዝብሉ ፍልልያት ሰጊሩ፣ ንማሕበራውን ውልቃውን ፍትሒ፡ ንማዕርነት፡ ንሰላም፡ ንብልጽግና፡ ንዲሞክራስን ክብሪ ሰብኣዊ መሰላትን ዝብሉ ህዝብና ብመላኡ ዝብህጎም ዕላማታት ንምዕዋት ዘነጻጸረ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ብማዕረ'ዚ ሓላፍነት'ዚ በሪኽና ክንርከብን፤ ነቲ ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ዘሎ ኵሉ መዳያዊ ብድሆታት ንምግጣምን ከይሰልከና ብንቕሓትን ተወፋይነትን ክንቃለስ ከድልየና ኢዩ። ውድባትና ንምጽንባር ዝወሰድናዮ ውሳኔ እምበኣር፡ ቅኑዕ መእተዊ ናብ'ቲ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ጕዕዞ ኢዩ። እዚ እንምስርቶ ዘሎና ውድብ መሳርሒና እምበር ናይ መጨረሻ ዕላማና ኣይኰነን። ስለዝኾነ ድማ፡ ከም ኵሉ ካልእ መሳርሒታት ምስ ግዜን ኵነታትን እናማዕበለ ወይ እናተሓደሰ ክኸይድ ከምዘለዎ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። እዚ ክንገብር እንተደኣ በቒዕና ከኣ፡ ሰልፍና ክሰፍሕን ክዓብን ዘለዎ ተኽእሎ ካብ ክንግምቶ ንኽእል ንላዕሊ ኢዩ።

እምበኣርከስ፡ ነቶም ትማሊ፡ ፋሕ ኢልና በበይንና ክንገጠሞም ዝጸናሕና ብድሆታት፡ ሎሚ፡ ዓቕምታትና ጠርኒፍና፡ ሓደ ኢድ ኰይና ክንገጥሞም እንተጀሚርና፡ ውጽኢት ዝርከቦ ኣድማዒ ስራሕ ክንሰርሕ ከምእንኽእል ዘጠራጥር ኣይኰነን። ሓቢርና ንኽንሰርሕን ክንስጕምን ድማ፡ ናይ ገዛእ ርእስናን ናይ መቓልስትናን ባህርያት ምፍላጥን፤ ዝያዳ ናይ ምጽውዋር፡ ናይ ሕድሕድ ምድምማጽ፡ ናይ ምክብባርን ተዋሓሒጥካ ምስራሕን ባህሊ ከነማዕብል ክሓተና ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ነፍስወከፍና ንኻልእ ክልውጥ ቅድሚ ምሕሳቡ፡ መጀመርያ ንነብሱ ክልውጥ ክሓስብ ኣለዎ ማለት ኢዩ። ለውጢ ብነብስና፡ ብገዛና፡

ብውድብና፡ ብዓድና ወይ ብሃገርና ክንጅምሮ ኢና ክንሓስብ ዘሎና። ኣብ ዓይንና ዘሎ ጕንዲ ገዲፍና፡ ኣብ ናይ ብጻይና ዓይኒ ዘሎ በሰር ናይ ምርኣይ ባህሊ ክንቅይሮ ክንክእል ኣሎና።

ከምኡ ውን፡ ኣበይ ኣሎና? ናበይ ክንበጽሕ ንደሊ ኣሎና? በየናይ መንገዲ? ብምንታይ መሳለጢታት? እንታይ ኣሳሊጥና? እንታይ ተሪፉና ዝብሉ ሕቶታት እናልዓልና፡ ንስርሓትና ብዘመናዊ መስፈርቲ ክንዕቅኖን ብመጽናዕቲ ክንከዶን ከድልየና ኢዩ።

እዚ ምስ እንገብር፡ እቲ ብናይ ሕሉፍን ህልውን ናይ ምትህልላኻት፡ ምፍንጫላት፡  ምንጽጻግ ባህልታትን ብሃሳሰ ለባም ዝኸይድ ፍኑው ጕዕዞታትን ባህሪሩ ዝጸንሐ ኣልባብ (ልብታት) ክፍወስን፣ ኣብ ጐድኒ'ቲ ለውጢ ከምጽኡ ዝኽእሉ ሓይልታት ክዓስልን ከኽእሎ ኢዩ። እዚ ብተራኡ፡ ነቶም ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት፡ ንኽሰምሩ ድርኺት ወይ ኣብነት፤ ነቲ ጸልሚትዎ ዘሎ ህዝብና ድማ፡ ጩራ ናይ ተስፋ ክኾኖም ኢዩ።

ልዕሊ ኵሉ ግን፡ ብዘይ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ክረጋገጽ ዝኽእል ለውጢ ከምዘየለ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክርድኦ ዝግብኦ ሓቂ ኢዩ። ህዝቢ፡ ብሩህ መጻኢ ወይ ተስፋ ኣብ ዘይርእየሉ ምንቅስቓስ ወይ ጕዕዞ ክሕወስ ምጽባይ ድማ፡ የዋህነት ወይ ዘይፍጸም ትጽቢት ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ፡ ተስፋ ሞተር ናይ ለውጢ'ዩ ዝበሃል። ህዝብና፡ ካብ ስርዓት ኢሳያስ እናርሓቐ ዝኸደሉን፤ ንስደት ዘምርሓሉን ዘሎ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ'ቲ ስርዓት ዝነበሮ ተስፋ ስለዝተጸንቀቐ ኢዩ። ናብ ደምበ ተቓውሞ ዘይዓሰለሉ ምኽንያት ውን፡ ብምፍንጫላት ስለዝባህረረን ተስፋ ዝህብ ስራሕ ስለዝሰኣነን ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ከም'ቲ ዓይኒ ነብሪ ናብ ጤል፡ ዓይኒ ጤል ድማ ናብ ጠጠም ዝብል ምስላ፡ ዓይንናን ሃምናን ናብ ህዝብናን ድሕነቱን ሓድነቱን ዘትኰረ ክኸውን ይግባእ።